Ministerium für Kinder, Familie,
Flüchtlinge und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen



# ናብ መዋእለ ህጻናት እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ሓበሬታ ንወለዲ

KiTa.NRW
Kompetenz & Vielfalt

kulturenüberbrücken

www.chancen.nrw
www.kita.nrw.de







ኩቡራት ወለዲ፣

በዚ ማስታወቂያ ጽሁፍ መሰረት፣ናብ ዓድና ብምምጻካ ክንሕግዘካ ንደሊ ናይ እቲ ቖልዓ ክንክን መጽንሒ ጉዳይ እዉን ናይ መጀመርታ ሓጺር መግለጺ ክንገብረልካ ኢና። ኩሉ ቖልዓ ን ትምርቲ መዓረ ዕድል ክረክብ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት፣ ናይ ትምርቲ ዕድል ኣብ ኹሎም ቖልዑ North Rhine-Westphalia ንምዕባይ ትኹረት ጌርናዮ ኢና። ናይ ቖልዑ ፍልጠት ኣብ ናይ ቤት ትምርቲ ነርሲን ክንክን መዓልትን ዓብዪ እጃም ኣለዎ። ናይ ነርሲ ቤት ትመርቲ Kindertageseinrichtung) ከም “kita” እዉን ዝፍለጥ ናይ መጀምርታ ትምርቲ ኣብ North Rhine-Westphalia ብ ጎኑ እዉን ናይ ክንክን መዓልቲ ዘለዎ እዩ፣ቡዙሃት ቖልዑ ዝርከብሉ እዩ ዋል ካብ ሰለስተ ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ። ካብ ሰለሰተ ዓመት ጀሚሩ፣ዳርጋ ኩሉ ቖላዓ ኣብ kita ቦታ ኣለዎ።

Kita ማለት ናይ ቖልዑ ክንክን መጽንሒ ግልጋሎት እንትኾን ከምኡ እዉን ናይ ነርሲ ግልጋሎት ዝረክብሉ እዩ። ንኣብ ናይ ጻኒሒት ክፋል፣ Kita እቶም ቖልዑ ከባቢኦም ክፈልጡ ይሕግዝ እዩ፣ኣእርኽቲ ክፋለጡን ከምኡ'ዉን ጀርመን ቋንቋ ክመሃሩ። ጀርመን ቋንቋን ምምሃር እዉን ንደሓር ዝወሃብ ትመርቲ ቕድመ ምድላዉ እዩ።

ንካም መምህር Kita ኣብ North Rhine-Westphalia ን ቖልዕኻ ጽቡቕ ክንከባኸብ እዩ፣ኣወንታዊ ዕብየት እንዳሃበ።እዚ ናይ ቖልዓ ትምርቲን ክንክን መጽንሒ ቖልዓ ምዝገብ ተተቕበልዎ ሕጉስ እዩ።

ናትካ

Joachim Stamp

**Dr. Joachim Stamp**
Minister für Kinder, Familie, Flüchtlinge und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen



# መዋኣለ ህጻናት (መእለይ ህጻናት)

- ኣብ መዋእለ ህጻናት ቆልዑት ኣብ ሓደ ፡ ብፍላይ ንQOLO ተባሂሉ ዝተወሰነ ቦታ ብሓባር ይሕብሓቡ።

- ብዙሓት ብቑዕ ናይ ምእላይ ህጻናት ክእለት ዘለወን ወይ ዘለዎም መማህራን ተመዲቦም ፡ ነቲ ቆልዓ ፡ ጸወታ ይኹን ወይ ሰሓቕ ወይ ምዝላል ወይ መዝሙር ወይ ካልእ በብዓይነቱ ምንቕስቓሳት፡ የስተማቕሮ ምህላዉ ይከታተሉ።

- ኣለይቲ ህጻናት በቲ ዘለዎም ፍሉይ ክእለት መሰረት ፡ ንውላድካ እቲ ኣዝዩ ዝበለጸ ዝበሃል ትምህርታዊ ሓገዝን ምዕባለን ንክቐስም ይከታተሉ። እዘን ትካላት እዚኣተን ኩለን ሓደ ዓይነት ናይ ስራሕ ሰዓታት የብለንን ፡፡

- መዛሕተኣን መዋእለ ህጻናት ካብ ንግሆ ጀሚረን ክሳብ ድሕሪ ቀትሪ ዝኸፍታ ኮይነን ፡ ምሳኻ ብምትሕብባር ድማ ኣበየናይ ሰዓት ውላድካ ክትመላልስ ከምዝጥዕም ምሳኻ ይመያየጣ።

- ምሕብሓብ ቆልዓ፡ እንኮላይ ምክትታል ኣብ እዋን ምግብና ውን የጠቓልል እዩ፡፡ እዚ ማለት ድማ ቁርስን ምሳሕን ከምኡውን ድሕሪ ቀትሪ ጠዓሞትን የስተብህልሉ።

- ኣብ መዋእለ ህጻናት ዝተፈላለየ ዓይነት ምንቕስቃሳት ክህሉ እዩ። ዝያዳ ኣገዳሲ ግን እቲ ቆልዓ ከም ውልቀ ሰብ መጠን ፡ ኣብ ናቱ ፍሉይ ድልየትን ተገዳስነት የተኩር።

- ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ኣለይቲ ህጻናትን ዝህሉ ርክብ ወይ ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ።

## ምዝገባ ኣብ መዋእለ ህጻናት

- ኩሎም ህጻናት ልዕሊ ሓደ ዓመት ምስኮኑ ኣብ መእለይ ህጻናት ንኽሕብሓቡ መሰል ኣለዎም። ኣብ መንጎ ሓደ ዓመትን ክልተ ዓመትን ዘለዉ ቆልዑት ኣብ መእለይ ህጻናት ክኣትዉ ይኽእሉ።

- ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ,, ዩገንድ ኣምት ,, መዋኣለ ህጻናት ኣበይ ከምዝርከብ ሓበሬታ ይህቡኻ።

- ውላድካ ምስመዝገብካን ቦታ ምስረኸብካን ንኣኼባ ናይ ወለዲ ዝምልከት መባእታዊ ሓበሬታ ትለዋወጥ።

- ሓደ ቆልዓ ኣብ መዋእለ ህጻናት ምስተመዝገበ ፡ ዝተወሰነ ናይ ወለዲ ክፍሊት ኣሎ ። እዚ ድማ ኣብ እቶትካ ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ክትከፍል ወይ ከይትኸፍል ትኽእል። ይኹን እምበር፡ ሓደ ህጻን ናይ መዋእለ ህጻናት ትምህርቲ ወዲኡ ፡ ናብ ስሩዕ ንትምህርቲ ቅድሚ ምእታው እትርከብ ሓንቲ ዓመት ግን፡ ኩሎም ኣብ ኖርድ ራይን ወስትፋለን ዝርከቡ ቆልዑት ብዘይ ገለ ክፍሊት ብነጻ ይእለዩ።

- ውላድካ ሓንሳብ ምስተመዝገበ ፡ ምስቲ ከባቢኡ ደረጃ ብደረጃ ይላለ።

- ቆልዑት መብዝሕትኡ ግዜ ነቲ መዓልታዊ መደብን ነቲ ሓድሽ ከባብን ከምኡውን ሓድሽ ገጽን ንክላለዩ ቅሩብ ግዜ ይወስደሎም።

- ኣብዘን እዋናት እዚኣን ፡ እቶም / እተን ኣለይቲ መማህራን ምሳኻ ብምምይያጥ ፡ ስሉጥ ኣጀማምራን ምቹእ ሃዋሁውን ንክህሉ ይጽዕሩ።

## መዋእለ ህጻናት እንታይ ይቕርባ ?

- መጀመርያን ልዕሊ ኩሉን ፡ ውላድካ ኣብ መዋእለ ህጻናት ይጻወትን ይስእልን ይስንዕን ይዝምርን ከምኡውን ብዙሕ ወዘተርፈ......።

- ውላድካ ምስ ካልኦት ቆልዑት ብምልላይ ፡ ናቱ ወይ ናታ ምሕዝነት የማዕብል። ብተወሳኺ መዓልታዊ ምስ ቋንቋ ጀርመን ብምውህሃድ ኣብ መጻኢ ሂወቱ ኣድላይ ዝኾነ ትምህርታዊ ዕድል ይቐስም።

- ስነትምህርቲ ሰፊሕ ዓውደ ፍልጠት ዘለዎ ሜዳ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ውላድካ ናይ ትምህርቲ ዓቕምታቱ የብልሖ።

- ኣለይቲ መማህራን ኩሉ ግዜ ኣብ ጎኒ ውላድካ ብምዃን፡ ናቱ ድሌትን ሃረርታን ብምምላእ ኩሉ ምቹእ ከምዝኾነ ይከታተሉን፡ ናይ ውላድካ ምዕባለታትን ዕቑር ክእለትን የማዕብሉ።

## ተራ ወለዲ

- ኣብ መንጎ ኣብያተ መማህራንን ወለድን ዝርከብ ምትሕብባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

- ወለዲ ንኣለይቲ መማህራን ኣብ ውላዶም ዘለዎም ሓድሽ ሓበሬታ ይገልጹ። ንኣብነት፡ ንጥዕና ዝምልከት ፡ ፡ ኣለርጂ ወይ ከምኡ ዝኣምሰለ ኣገዳሲ ነቲ ቆልዓ ዝትንከፍ ተርእዮ ምስዝህሉ ፡ ይሕብሩ።

- ነቲ ቆልዓ ዝምልከት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ይኹን ውሽጢ መንበሪ ገዛ ዘስተብሃልካሉ ዝኾነይኹን ቅሬታን ፍርሕን ወይ ውን ሽግርን ምስ ዝህሉ፡ ንኣለይቲ መማህራን ሓብር።

- ኣብ እዚ ሓበሬታ እዚ ብምምርኳስ ፡ ኣለይቲ መማህራን ብቐጥታ ድለየትካ እንታይ ከምዝኮነ ክርድኡ ይኽእሉ።

- እንታይ ዓይነት ሓበሬታ ንኣለይቲ መማህራን ትሕብርን ትገልጽን ናትካ ምርጫ እዩ። ኩሉ እትህቦ ሓበሬታ ኣብ መዋእለ ህጻናት ብስቱር ከምዝትሓዝ ፍለጥ።

- ኣብ መዋእለ ህጻናት ምስ ብዙሓት ወለዲ ትላለን ኣብ ብዙሕ ምንቅስቃሳት ትዋሳእን። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ምስ ኣለይቲ መማህራን ሓበሬታ ትለዋወጥን ናይ ወለዲ ምምዕዓድ ዘተ ተካይድን።
- መዋእለ ህጻናት ኣድላዪ ምስዝኸውን ፡ ሓደ ኣስተርጓሚ ፈልዮም ክትማያየጡኻ ድሉዋት እዮም ።

## መዋእለ ህጻናት ኣበይ እረክብ ?

- መዋእለ ህጻናት ኣብ ኩሉ መንበሪ ኣባይቲ ይርከባ። ኣብቲ እትነበረሉ ከባቢ፡ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት መንእሰይ ( ዩገንድ ኣምት) ሓበሬታ ይህቡኻ ።

- ናይ መዋእለ ህጻናት ሓባሪ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ፡ www.kita.nrw.de ወይ ውን ብቐጥታ www.kita.nrw.de/eltern/kita-finder/kita-finder-nrw ተመልከት።

Ministerium für Kinder, Familie,
Flüchtlinge und Integration
des Landes Nordrhein-Westfalen

Haroldstraße 4, 40213 Düsseldorf
Telefon: 0211 837-02
poststelle@mkffi.nrw.de
www.chancen.nrw

@ChancenNRW
@ChancenNRW
chancen_nrw
Chancen NRW

